### መልእኽቲ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

## ኣብ ኣኼባ መንእሰያት ስደተኛታት ኤርትራዉያን ኣብ ኢትዮጵያ

ብስም ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለዉጢ፡ ኣብ ኣኼባኹም ምስታፈይ ስለ ሃገራዊ ኤርትራዊ ክብሪ ዝስማዓኒ ሓበን ወሰን የብሉን።

ነጻነት ኤርትራ ካብ ዝእወጅ ኣትሒዙ፡ቅሳነት ዝሰኣነት ሃገርን ከምኡ'ዉን እቲ ክርህዎ ትጽቢት ኣንቢሩ ዝነበረ ህዝብና ኣብ ቁጠባዉን ማሕበራዉን ኣእሙራዉን ስቅያት ተሸሚሙ ይርከብ። ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊመንእሰይ ወለዶ ዝፍጽሞ ዘሎ ግፍዕን ዓመጽን በደልን ጸብጽብካ መዋዳድርቲ ዘይርከቦን ክትደግሞ ዘሕዝንን ዘሕፍርን ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኮነን።

መንእሰያት ደቂ ሃገር ኣብ ዕሽል ዕድሚኦም ንስደት ከምርሑ ዝግደድሉ ኩነታት ክትርእን ክትዕዘብን እንከለኻ፡ ካብ ምድረበዳ ሱዳንን ሊብያን ብኡ ንባሕሪ ክሳገሩ ቀለብ ዓሳታት ዉቅያኖስ ዝኾንሉን፥ እሱ ከይኣክል ከኣ ንግብጺ ሰጊሮም ኣብ ሲናይ ዘጋጥሞም ዘሎ ሓደጋን ሽግራትን ዓለም ምሉእ ዝምስክሮ መስተንክር ዝኾነ ኢ-ሰብኣዊ ኩነታት ተፈጥሩ ምህላዉ እዩ። ብመጸኢ ዕድል መንእሰያት ደቂ ሃገር ዝጻወቱን ዝሸቕጡን ዘለዉ ኣካላት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሸፋቱ ሰብ መዚ ህግደፋዉያን፡ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ሃገርና ዘይሕከኽ ጸሊም ታሪኽ ኳይኑ ሞራላዊን ፖለቲካዉን ሰብኣዉን ገበናቶም ንዘልኣለም ክዝከር ክነብር እዩ።

ካብ ባሕቲ ነጻነት ኤርትራ፡ ካብ ሽዑ ኣትሒዙ እቲ ኣብ ስልጣን ኩድጭ ዝበለ ስርዓት ህግደፍ፡ ንመንእሰያት ከም ተቐበልቲ ሕድሪ ብግቡእ  ኣገባብ እናሓብሐበን እናኣለየን፡ እቲ ሃብታም ታሪኽ ገድልና ነቲ ሓድሽ ወለዶ ከቐብሎን ከዉርሶን እዩ ዝግባእ ዝነበረ።ብኣንጻሩ ግን ነቲ መንእሰይ ኣብ ክንዲ ትምህርቲ ዕስክርና፡ ኣብ ክንዲ ነቲ ካብ ኣቦታትና ዝወረስናዮ ጥዑይ ልምድን ባህልን ምምዕባልን ምዕቛብን ጓና ባህሊ ከዉርሶ ፈቲኑ። ካብዚ ቀጺሉ እቲ መንእሰይ ናይ ዘረባን ምጽሓፍን ነጻነት እንተረኺቡ፡ ነቲ ብዘይ ሕጊ ዕድመ ስልጣኑ ዘናዉሕ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ፡ መንእሰያት ኩርጓሕ ክኾኑዎ እዮም ካብ ዝብል ስግኣት ተበጊሱ፥ ስልጣኑ ንምሕላዉ ነቲ መንእሰይ ቅሳነት ከሊኡ ንምብትታኑ በቲ ስርዓትን መጋበርያታቱን ዝተፈጸመ ገበን ምስ ግዜ እናተጋለጸ መጺኡ። መንእሰይ ሃገሩ ከምዝጸልእን ኩቦ ደርብዩላ ከምዝኸይድን፣ ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ ሃገራዊ ስሚዒት ከምዘይሓድሮ ንምግባሩ ለይቲ ምስ መዓልቲ ከም ቀንዲ ናቱ ስትራተጂ ገይሩ፡ እቲ ስርዓት ክሰርሓሉ ዝጸንሐን ዘሎን እከይ ዕላማ ምዃኑ ህዝብና ጽቡቕ ገይሩ ተገንዝብዎ ከምዘሎ ንጠራጠረሉ ጉዳይ ኣይኮነን። ብሓጽሩ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክኸተሎ ዝጸንሐ ስልቲ ነዚ እዩ ዝመስል።

ስለምንታይ ከምኡ መሪጹ ንዝብል ሕቶ? እምቢ፡ ንፍትሕን ሕግን ኣይፍጸምን ዝበለ ስርዓት ስለ ዝኾነ እዩ። ኣብ ክንዲ ጥዑይ መንግስታዊ ምሕደራ ምህናጽ(ደዉላ/State)፡ ህግደፍ ነዚ ዕላማ ረሲዑ፣ ስልጣኑ ንምርግጋጽ ቀዳማይ ቦታ ኣትሒዙ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ምርጫ መሓውር ዲክታቶሪያዊ ስልጣን ምድላዳል ቀንዲ ዕላማኡ ኮነ።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ሓቅታት ዘረጋግጽ ከኣ እነሆ እዚ ሎሚ ኣብ ሃገርኩም ከተሰላስልዎ ዕድል ዝተነፍገኩም ምጥርናፍ መንእሰያት፡ ኣብ ጎረበት ሃገር ኢትዮጵያ ዑቅባ ረኺብኩም ተካይድዎ ዘለኹም ዕማም፡ ከም ሓደ ብሩህ ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

መንእሰይ ኤርትራ ቀንዲ ጸላኢኡ ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ ኣጸብቒ ክለልይን ክስተዉዕልን  ይግባእ። ስለ ዝኾነ ከኣ እቲ መንእሰይ ኣብዞም ዝስዕቡ ኣርእስትታት ዘትኮረ ሕቶታት ንኽልዕል ናይ ግድን ይኸዉን።

- ስደት፡ ተገዲድካ ትብጽሖ ዉሳኔ እንተዘይ ኳይኑ፡ ከም ምርጫን ዘላቒ መፍትሕን ገርካ ክዉሰድ ኣይግባእን።
- ኣብ ስደት ዝርከብ መንእሰይ ክጥርነፍን፡ ተጠርኒፉ ነዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንምዉዳቑ ክቃለስ ሃገራዊ ሓላፍነት ከምዘለዎ ክዝንግዕ ኣይግባእን።

- ኣብ ኩሉ ኩርነዓት ናይ ዓለም ፋሕ ኢሉ ዝርከብ መንእሰይ፡ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ ኤርትራዊ ዉሳኔኡ ሓልዩ ጥቕሚ ሃገር ኣቐዲሙ፡ ንሃገሩን ህዝቡን ብዘርብሕ ዉሳኔታት ተቐይዱ ክቃለስ ይግባእ።
- ኣብ ጉዕዞ ተቓወምቲ ዉድባት ዝተፈጸመ ኣሉታዊ ምርባሕ ዉድባት ከም ተመኩሮ ንኽይድገም፡ እቲ መንእሰይ ዉልቃዊ ረብሓታቱን ፍልልያቱን ኣወጊዱ፡ሓድነት መንእሰያት ንምርግጋጽ ከም ማእከላይ ዕማሙ ክወስዶ ይግባእ።
- ፖለቲካዊ ሓላፍነትን ንቓባዊ ዕማማት መንእሰያት፡ ክልትኡ ብንጹር ፈላሊኻ ዝረአ ዕማማት ምዃኑ ክግንዘብ ይግባእ።

መንእሰያት፡ ዉድቀት ስርዓት ህግደፍ ኣብ ምቅልጣፍ፡ ክጻወትዎ ዘለዎም ተራን ግደን ኣዕዚዝካ ዝረኣ ጉዳይ እዩ። ኣብ ከባብና፡ ኣብ ዝተፋላለያ ሃገራት ኣዕራብ ብመንእሰያት ዝምራሕ ዘሎ ልዑል ህዝባዊ ሰዉራታት ምእንቲ ለዉጥን፡ ዲሞክራሲ ንክነግስን ሃገሮም ብሕግን ፍትሕን ክመሓደራ ዝገብርዎ ዘለው ዘይሕለል ቃልሲ ኳይኑ፤ መንእሰያትና ከኣ ብኩዉንነት ኤርትራን ህዝባን ተገዚኦም ኣሰር ኣብ ከባብና ዝምዕብል ዘሎ ሃዋሁ ክኽተሉ ነቲ ዘካይድዎ ቃልሲ ናህርን ምትብባዕን ክኾኖ ተስፋ ንገብር።

ወጻኢ ካብ ኤርትራ ዓዲ ስኢኑ ኣብ ፎቆዶ ሃገራት ዓለም ዑቕባ ንምሕታት ከርተት ዝብል ዘሎ መንእሰይ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ግዝያዊ ዑቕባ ኣዉሒሱ፡ ብዙሓት ካብቶም መንእሰያትና ብዩኒቨርስቲ ደረጃ ትምህርቲ ክቕጽሉ ዕድል ምርካቦም ዓብይ ጸጋ እዩ።ከምኡዉን ኤርትራዉያን ካበየ ዓድታት ተሰጉጎም ናብ ኤርትራ ከይመልስዎም ካብ ኣፍ ገበል ስርዓት ኤርትራ ንምድሓኖም፡ ስጋብ ሕጂ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ክግበር ዝጸንሐን ዘሎን ምትሕብባርን ጽቡቕ ድልየትን ዝለዓለ መጎስን ክብርን ይኹኖም። እዚ ከኣ ስጋብ ክንደይ ኣብ ልዕሊ ዉጹዕ ህዝቢ ኤርትራ፡መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘለዎ ኣኽብሮት ዘመልክት ረቛሒ ኳይኑ፣ ኣብ ጥዑይ ጉርብትናን ምክብባርን ኣሚኑ፡ ክልትኡ ሃገራት ናብ መንገዲ ሰላምን ርግኣትን ዘምርሕ ፖሊሲ ንሓዋሩ ጥቕሚ ክልትኡ ህዝቢ ዝሕሉ ናይ ስኒትን ሰላምን ኣንፈት ካብ ምዃኑ ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ክህልዎ ኣይክእልን።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ ኣዋሳ ዝተጋበአ ጉባኤ ኣስታት 600 ካብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለም ዝተሳተፍዎ ደቂ ሃገር ዕዉት ጉባኤ ተኻይዱ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለዉጢ ከኣ ተመስሪቱ። ንዉድባትን በርገሳዊ ማሕበራትን ገዳይም ተጋደልትን_ ምንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ዓበይቲ ዓድን ዝሓቁፍ ሰፊሕ ጽላል ድማ በቲ ጉባኤ ቆይሙ። ንመንእሰያት ወኪሎም፡ ካብ ሕ.መ.ኣመሪካን ካናዳን ኤዉሮጳን ኣዉስትራልያን ማእከላይ ምስራቕን ኢትዮጵያን ሱዳንን ካብ ደቡብ ኣፍሪቃን ዝመጹ ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ዓዉዲ ጉባኤ ተሳቲፎም ኣዎንታዊ ግደ ከምዝተጻወቱ በዚ ኣጋጣሚ ክይጠቐስኩ ክሓልፍ ኣይደልን። በብዘለዉዎ ከባቢ ሓይሊ መንእሰይ ተጠርኒፉ ኣብ ጎኒ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለዉጢ ክዓስልን ደገፉ ከበርክትን ዕዙዝ ጻዊዒት ኣቕርብ። ኣኼባኹም ዕዉት ክኸዉን ከኣ እምነ። ጽን እልኩም ዝሰማዕኩምኒ ክብርን ምስጋናን ይብጻሕኩም።

ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ

ዉድቀት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ

ክብርን ዝኽርን ንስዋኣትና

12 ጥሪ 2012

ሽረ